Victorian Equal Opportunity
& Human Rights Commission



# ንእምነት ውሑስ ቦታታት ምርግጋጽ

## ብሰንኪ ጭቡጥ ወይ ክኸውን ዝኽእል ጾታዊ ዝንባለ ወይ ጾታዊ መንነት ኣብ ልዕሊ ሰብ እምነት ክበጽሕ ዝኽእል ጉድኣት ምክልኻል

ንሰብ እምነት ማሕበረሰብ ብዛዕባ ጾታዊ ዝንባለን ጾታዊ መንነትን ምዝራብ ዝተሓላለኸ ነገር ክኸውን ይኽእል እዩ። ኲየር(ዝተፈለየ ጾታዊ ርክብ ዘለዎም)፣ ትራንስ ( ጾታኦም ዝቐየሩ) ወይ ዝተፈላለዩ ጾታዊ እምነት ዘለዎም ሰባት ብሰብ እምነት ማሕበረሰቦም ዝድገፉ ኮይኑ እንተዘይተሰሚዖም ርኡይ ጉድኣት ከጋጥሞም ከም ዝኽእል መጽናዕቲ ይሕብረና።

ኣብ 2022፣ ኣብ ቪክቶርያ ሓድሽ ሕጊ ተግባራዊ ኮይኑ ኣሎ – እቲ ለውጢ ወይ ጸቕጢ (ምልዋጥ) ተግባራት ዝኽልክል ሕጊ 2021 –እዚ ድማ ንጾታዊ ዝንባለ ወይ ጾታዊ መንነት ሓደ ሰብ ምልዋጥ ወይ ንምጭቛን ዝግበር ፈተነታት ዝእግድ እዩ። ንኲየር፣ ትራንስን ጾታዊ ዝተፈላለዩ ሰባትን ምቕባል ንጥዕንኦምን ጽቡቕ ሂወቶምን ኣድላይ እዩ።

### ናይ ምልዋጥ ወይ ናይ ምጽቃጥ ልምድታት እንታይ እዮም?

ሓደ ግዜ ‘ናይ ምልዋጥ ሕክምና’ ተባሂሎም ዝጽውዑ፡ ምልዋጥ ወይ ምጭቛን ልምድታት፡ ንጾታዊ ዝንባለ ወይ ጾታዊ መንነት ሓደ ውልቀሰብ ንምቕያር ወይ ንምሕባእ ዝፍትኑ ንጥፈታት እዮም። እዞም ተግባራት እዚኦም፦

- ትምህርቲ
- ምኽሪ ምሃብ
- ንጥፈታት መንፈሳዊ ክንክን
- ካልእ ስነ-ኣእምሮኣዊ ወይ ሕክምናዊ ምትእትታዋት።

እዚኦም ተግባራት፣ ኣብ ልዕሊ ኲየር፣ ትራንስ ከምኡ’ውን ዝተፈላለዩ ጾታዊ እምነት ዘለዎም ሰባት ገለ ጌጋ ወይ ዝተሰብረ ነገር ኣለዎም ኣብ ዝብል ናይ ሓሶትን ጎዳኢን ኣበሃህላ ዝተመርኮሰ እዩ።

እዞም ተግባራት’ዚኦም ዓሚቕ ጉድኣት፣ ቀጻሊ ስንባደ፣ ነዊሕ ዝጸንሕ ናይ ጥዕና ጉድኣታት ከምዘስዕቡን ሓደጋ ነብሰ ቅትለት ክውስኹ ከምዝኽእሉን መርትዖታት ኣለዉ።

### ኣንጻር ሕጊ ዝኾኑ ተግባራት እንታይ ዓይነት እዮም?

ካብ ፌብራሪ 2022 ጀሚሩ፣ ኣብ ቪክቶርያ ቐያሪ ወይ ዓፋኒ ተግባራት ተኣጊዱ እዩ። እቲ ሕጊ ንኣሰራርሓ ለውጢ ወይ ምጭቛን ከምዚ ዝስዕብ ይገልጾ፦

- ናብ ውልቀሰብ ዘምረሐ ጭቡጥ ተግባር ወይ ጸባይ
- ብመሰረት ናይቶም ሰባት ጾታዊ ዝንባለ ወይ ጾታዊ መንነት
- ብፍቓዶም ኮነ ብዘይ ፍቓዶም ብምኽንያት ምልዋጥ ወይ ምጽቃጥ ጾታዊ ዝንባለኦም ወይ ጾታዊ መንነቶም

ብመሰረት እቲ ሕጊ መጉዳእቲ ወይ ከቢድ ጉድኣት ዝስዕብ ምልዋጥ ወይ ምጽቃጥ ገበን ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ድማ፡-

- ግዝያዊ ይኹን ቀዋሚ ኣካላዊ መጉዳእቲ ወይ ኣብ ጥዕና ኣእምሮ ጉድኣት ዘስዕቡ ተግባራት
- ከቢድ ጉድኣት ዘስዕብ ወይ ንህይወት ኣብ ሓደጋ ዝእቱ ወይ ርኡይን ነዊሕን ዝኾነ መጉዳእቲ ዘስዕቡ ተግባራት
- ንሓደ ሰብ ጉድኣት ከስዕብ ዝኽእል ተግባር ንምፍጻም ካብ ቪክቶርያ ምውጻእ
- ምልዋጥ ወይ ምጽቃጥ ምውዕዋዕ

ሓደ ሰብ ጾታዊ ዝንባለኡ ወይ ጾታዊ መንነቱ ንምቕያር ወይ ንምዕፋን ሓገዝ እንተሓተተ እውን ነዚ ተግባራት እዚ ምፍጻም ወይ ናብ ዝገብሮ ሰብ ምምራሕ ኣንጻር ሕጊ እዩ።

### ሰብ ሞያ ሕክምናን ስነ ኣእምሮን

ሰብ ሞያ ጥዕና ምስ ስርዓታት ሰብ ሞያ ዝሰማማዕ ሕክምናን ስነ-ኣእምሮኣዊ ሕክምናታት ምሃብ ክቅጽሉ ኣለዎም። እዚ ኸኣ ንሓደ ሰብ ኣድላዪ ዝኾነ ሕክምናዊ ወይ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሕክምና ምምልካት እውን ዘጠቓልል ኢዩ። ነዚ ዘይእዘዝዎ ሰብ ሞያ ጥዕና ሕጊ ይጥሕሱ ኣለዉ።

*እዚ ሕጊ እዚ፡ ኩሎም ሰባት ናይ ምልዋጥ ወይ ናይ ምጽቃጥ ልምድታት ክሳብ ዘይፈጸሙ፡ እምነቶም ከስተማቕሩ ንኽእሉ ዝተዳለወ እዩ።*

## ኮሚሽን ማዕርነትን ሰብኣዊ መሰላትን ቪክቶርያ እንታይ ግደ ኣለዎ?

እቲ ኮሚሽን፡-

- ናይ ምልዋጥ ወይ ናይ ምጽቃጥ ኣሰራርሓታት ጸብጻባት ምቕባልን ናብ ካልእ ትካል ምምራሕን ውጽኢት ምድላይን።
- ስርዓታዊ ወይ ቀጻሊ ዝመስል ናይ ምልዋጥ ወይ ምጽቃጥ ኣሰራርሓታት ምምርማር
- ንናይ እምነት ትካላት፣ ወሃብቲ ጥዕናን ናይ እምነት ሰባትን ዕላማ ዝገበረ ትምህርቲ ምሃብ።

## ከመይ ጌርካ ናይ ምልዋጥ ወይ ምጽቃጥ ኣሰራርሓ ትሕብር

ናይ ምልዋጥ ወይ ናይ ምጽቃጥ ኣሰራርሓታት እንተ ኣጋጢሙካ ወይ እንተርኢኻዮ፡ ንስኻ (ወይ ወኪልካ) ናብ ኮሚሽን ማዕረ ዕድላትን ሰብኣዊ መሰላትን ቪክቶርያ ክትሕብር ትኽእል ኢኻ።

**ስልኪ** 1300 292 153
**ተርጓሚ** 1300 152 494
**ኢሜይል** enquiries@veohrc.vic.gov.au
**ኣብ ኢንተርነት** humanrights.vic.gov.au/get-help/

### ረድኤትን ደገፍን

ሬይንቦ ዶር ብዛዕባ LGBTIQ ፍሉይ ሓበሬታ፣ ደገፍን ናብ ዝምልከቶ ኣካል ከማሓላልፍን ይኽእል ኢዩ።

**ብቑጽሪ ስልኪ** 1800 729 367
**}ሓጺር መልእኽቲ** 0480 017 246
**ኢሜይል** support@rainbowdoor.org.au

### ተወሳኺ ምንጭታት

**ብዛዕባ ምልዋጥ ወይ ምጭቋን (ምዝርራብ) ናይ ምትግባር ምኽልካል ሕጊ**
humanrights.vic.gov.au/change-or-suppression-practices/about-the-csp-act/ ረኣዩ

**ናይ ኣውስትራሊያ ናይ GLBTIQ ህብረ ባህላዊ ቤት ምኽሪ – ናይ ህብረ ባህላውን ህብረ እምነትን ላዕለዋይ ኣካል LGBTIQ ውልቀ ሰባት ማሕበረሰባትን ጉጅለታትን**
agmc.org.au